# ኣስተውዕል መንእሰይ!

ትኩርኩን ሎሚ መንእሰይ
ሕስብ ኣብል እንዳበልካ ቀሰይ
መን ኢዩ ዝልውጦ እቲ መንፈሰይ
ኢልካ ሕተት ጽባሕ መታን ከይትህሰይ፣

ሃዲእካ ስማዕ ቁሩብ ተዓዘብ
ማዕጾ ኣይትኽፈት እንዳበልካ ዘብዘብ
መን ኢኻ በሎ መታን ክትላዘብ
ዘይናትካ እንተኾይኑ ዕጸዎ እቲ መዝገብ፣

ክቐርበካዩ ብጽብቕ መልሓስ
ምሳኻ ተመሲሉ ድልየቱ ንምውሓስ
ላዕልን ታሕትን ክብል ኢዩ ነገር ክፍሓስ
ዕድል ግን ኣይትሃቦ ዕላማኻ ከይጠሓስ፣

ኣይትዘንግዕ መንእሰይ ከይትደናገር
ሓላፍነት ኣሎካ ክትሰርሕ ቁም-ነገር
ክብረት ንዓኻ ብዓብይኡ ድማ ንሃገር፣

ኣስተውዕለሉ ከየትርፈካ ዘርሞ-ዘርሞ
ገለ ከይህልዎ ውዲት ዝኣለሞ
ሓሊፍካ ጽንሓዮ ቀዲምካ ኣኺልሞ
ንሱ ድሕሪት ንሸኻ ግን ፒሮሞ፣

ተጠንቀቕ ከይትስሕት መኣዝን
ሰፊሕ ሓንጎልካ ኝኹሉ ዘማዛዝን
ስምዒትካ ግለጸሉ ኣይትበል ዝን
ጽባሕ ንግሆ መታን ከይትሓዝን፣

ተሸፊኑ ከይመጸካ ብጉልባብ
ኣሲሩ ከይሕዘካ በታ ጸባብ
ከየቐርበልካ እውን ጉጉይ ጸብጻብ
መርምር ኢኻ ኣይትሕመቕ እውን ምምባብ፣

ፍሽኽ እንተበለ ከም ተሓላቒ
ገጹ ኣይትርኣዮ ከም ናይ ብሓቂ
ዕላምኡ ጥራይ ፍለጥ እንተለዎ ጸይቂ፣

ተዓዘቦ ከየእትወካ ኣብ ጸገም
ዕላምኡ ከይወቅዕ እንዳበለ ዘገም
ማዕጾኻ እንተበሎ ገምገም
ጸማም እዝኒ ሃቦ ካልኣይ ከይድገም፣

ብዘይ ሃገርካ የብልካን ክብረት
ትፈልጦ ኢኻ ናይ ስደት ምረት
ምስ ህዝብኻ ጥራይ ኢዩ እቲ መቐረት፣

ኣስተውዕል መንእሰይ ዝሓለፈ ትማሊ
ህዝብኻ ዝሓለፎ ሽግር ገድሊ
ሸለል ኣይትበሎ ከምዘይናትካ ባህሊ፣

ዓይንኻ ክፈት ከይበትከልካ ገምድ
ብዘይካ ህዝብኻ የብልካን ካልእ ዘመድ
ኣይትረስዓዮ ኢኻ እቲ ናይ ዓድኻ ሓመድ፣

መእተዊ ከይረክብ ነቓዕ ወይ ሰባር
ስሊኹ ከይኣቱ ከም በዓል ጽቡቕ ተግባር
ተጠንቀቐሉ ምስ ሓፋሽ ህዝብኻ ብሓባር፣

ከይመጸካ ብፍሉይ ሜላ
ሓዳስ ጭርሖ ተሰኪሙ ታቤላ
ኣስተውዕለሉ ከየእትወካ ኣብ ታኼላ፣

ሓደራ መንእሰይ ኣይትረስዕ ሕድሪ
ካብ ህዝብኻ ኣይትርሓቕ ዋላ ሓንቲ ስድሪ
ሃገርካ ምርሳዕ ነውሪ ኢዩ ነውሪ
ብኣፍ ዘይኮነ ኣርእዮ እውን ብግብሪ፡፡

## ዓወት ንሓፋሽ!

ዳዊት ገረንስኤ
ቦስቶን ሕ/መ/ኣ